# ካድራት ህግደፍ ኣማሓደርቲ ሃይማኖታዊ ጉዳያት

ካብ 19 ሕዳር 2011 ጀሚሩ ንሓደ ሰሙን ምሉእ ኣብ ከባቢታት ዓዲ ቀይሕ፡ ሰንዓፈ፡ ጾሮና፡ ወ.ዘ.ተ. ክካየድ ዝቐነየ ህዝባዊ ኣኼባ ውጽኢቱ ኣብ ህዝቢ ዓቢ ቁጥዐ ፈጢሩ። ንሱ ኸኣ ኣብቲ ከባቢታት ንዝርከብ ህዝቢ ንሃይማኖታዊ ጉዳያትኩም (ኣል ኣውቃፍ) ዘመሓድሩ ምረጹ ተባሂሉ ከም ዝተኣወጀን እቲ ህዝቢ ጽቡቕ ኢሉ ናብ መረጻ ቦታ ከይዱ ምስ መረጸ ኣብ መወዳእታ ብህዝቢ ተመሪጾም ዝተባህሉ ካድራት ከም ዝኾኑ፡ ብዛዕባ ሃይማኖት ዝኾነ ይኹን ኣፍልጦ ዘይብሎም፡ ተመሪጾም ከምዝተባህሉ፡ እዚ ከኣ ርኡይ ምጭብርባር ከምዝፈጠረን ኣብቲ ህዝቢ ብርቱዕ ቁጠዐን ስምዒታትን ፈጢሩ ከምዘሎ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብቲ ከባቢታት ይሕብሩ ኣለዉ።

# ሕጽረት ሕክምናዊ ኣገልግሎት

ኣብ ከባቢታት ዓዲ ቀይሕ፡ ሰንዓፈ፡ ጾሮና፡ ዝርከባ ትካላት ሕክምና ሓኪም የብለን፡ መድሓኒት የብለን ባዶ ተሪፈን ከቢድ ይኹን ቀሊል ሕክምናዊኡ ሓገዝ ዘድልዮ ኩሉ ናብ ኣስመራ ክኸይድ ይግደድ ኣሎ። ንትራንስፖርት ይኹን ንኻለአ ወጻእታት ክሽፍን ዓቕሚ ዘይብሉ ኣብ ገዝኡ ተኸርምዩ ዝሳቐ ዘሎ ብዙሕ ከም ዝኾነ እዚ ኸኣ ስርዓት ህግደፍ ብኹሉ መዳያት ኣብ ቅልውላው ተሸሚሙ ከምዘሎን ቅድመ ሓባሪ ከምዝኾነን ምንጭታት ግንባር ሃገርዊ ድሕነት ኤርትራ ይሕብሩ ኣለዉ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግንባር ሃገርዊ ድሕነት ኤርትራ
27 ሕዳር 2011

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ جبهة الإنقاذ الوطني الإريترية

Eritrean National Salvation Front

# ካድራት ህግደፍ ኣማሓደርቲ ሃይማኖታዊ ጉዳያት

ካብ 19 ሕዳር 2011 ጀሚሩ ንሓደ ሰሙን ምሉእ ኣብ ከባቢታት ዓዲ ቀይሕ፡ ሰንዓፈ፡ ጾሮና፡ ወ.ዘ.ተ. ክካየድ ዝቐነየ ህዝባዊ ኣኼባ ውጽኢቱ ኣብ ህዝቢ ዓቢ ቁጥዐ ፈጢሩ። ንሱ ኸኣ ኣብቲ ከባቢታት ንዝርከብ ህዝቢ ንሃይማኖታዊ ጉዳያትኩም (ኣል ኣውቃፍ) ዘመሓድሩ ምረጹ ተባሂሉ ከም ዝተኣወጀን እቲ ህዝቢ ጽቡቕ ኢሉ ናብ መረጻ ቦታ ከይዱ ምስ መረጸ ኣብ መወዳእታ ብህዝቢ ተመሪጾም ዝተባህሉ ካድራት ከም ዝኾኑ፡ ብዛዕባ ሃይማኖት ዝኾነ ይኹን ኣፍልጦ ዘይብሎም፡ ተመሪጾም ከምዝተባህሉ፡ እዚ ከኣ ርኡይ ምጭብርባር ከምዝፈጠረን ኣብቲ ህዝቢ ብርቱዕ ቁጠዐን ስምዒታትን ፈጢሩ ከምዘሎ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብቲ ከባቢታት ይሕብሩ ኣለዉ።

# ሕጽረት ሕክምናዊ ኣገልግሎት

ኣብ ከባቢታት ዓዲ ቀይሕ፡ ሰንዓፈ፡ ጾሮና፡ ዝርከባ ትካላት ሕክምና ሓኪም የብለን፡ መድሓኒት የብለን ባዶ ተሪፈን ከቢድ ይኹን ቀሊል ሕክምናዊኡ ሓገዝ ዘድልዮ ኩሉ ናብ ኣስመራ ክኸይድ ይግደድ ኣሎ። ንትራንስፖርት ይኹን ንኻለአ ወጻኢታት ክሸፍን ዓቕሚ ዘይብሉ ኣብ ገዝኡ ተኾርምዩ ዝሳቐ ዘሎ ብዙሕ ከም ዝኾነ እዚ ኸኣ ስርዓት ህግደፍ ብኹሉ መዳያት ኣብ ቅልውላው ተሸሚሙ ከምዘሎን ቅድመ ሓባሪ ከምዝኾነን ምንጭታት ግንባር ሃገርዊ ድሕነት ኤርትራ ይሕብሩ ኣለዉ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግንባር ሃገርዊ ድሕነት ኤርትራ
27 ሕዳር 2011